Kanton Zürich
Bildungsdirektion
**Volksschulamt**
Besondere Förderung
Sektor Interkulturelle Pädagogik

Kontakt: Walchestrasse 21, 8090 Zürich
Telefon 043 259 53 61, ikp@vsa.zh.ch
8. März 2022


# ናብ ሓደ ምምሕዳር ክነብሩ ዝመጹ ሓደስቲ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ዘለዎም ቆልዑ

ኵሎም ሓደስቲ ናብ ሓደ ናይ ዙሪክ ምምሕዳር (ገማይንደ) ክነብሩ ዝመጹ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን፡ ትምህርቲ ንኽምሃሩ መሰልን ግዴታን ኣለዎም። እዚ ድማ ኣብቲ ገማይንደ ክነብሩ ካብ ዝጀመሩሉ እዋን ኣትሒዙ ይጅምር። ዓይነት መንበሪ ፍቓዶም ብዘየገድስ። መዋእለ ህጻናት ውን ምስ ግዴታዊ ትምህርቲ እዩ ዝቖጸር።

## ናይ ትምህርቲ ግዴታ

ግዴታዊ ትምህርቲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት እዩ።። እነተነውሐ ግን ህዝባዊ (ግዴታዊ) ትምህርቲ ክሳብ ትውድእ ይካየድ። ናይ ትምህርቲ ግዴታ፡ ብካንቶን ፍቓድ ኣብ ዝተዋህበን ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርትታት ውን ክማላእ ይኽእል እዩ።

ኣርባዕተ ዓመቶም ዝመልኡ ቆልዑ[1] ኣብቲ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ትምህርቲ ክጅምሩ ይግደዱ። መዋእለ ህጻናት ይኣትዉ። ኣብ ኣርባዕተ ዓመቶም መዋእለ ህጻናት ዝጅምሩ ቆልዑ ክሳብ ዕለት 31 ሓምለ ኣርባዕተ ዓመቶም ዝመልኡ ክኾኑ ኣለዎም። 16 ዓመቶም ዝመልኡ መንእሰያት ኣብ ካንቶን ዙሪክ ካብ ግዴታ ናይ ትምህርቲ ነጻ ይኾኑ። እቲ ዝጀመርዎ ዓመተ-ትምህርቲ ክውድእዎ ግን መሰል ኣለዎም።

ኣብ ህዝባዊ ትምህርቲ፡ ቤት-ትምህርቲ (ቦታ) ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ቆልዑ ኣብቲ ዝነብሩሉ ከባቢ እዮም ቤት-ትምህርቲ ዝኸዱ። ኣካያዲ ካባብያዊ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ነቶም ቆልዑ ኣብተን ቤት-ትምህርትታት ይምድቦም። ወለዲ ንደቆም ኣብ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ ክሰድዎም ነጻ እዮም። እቲ ናይ ግሊ ቤት-ትምህርቲ ክፍሊት ባዕሎም ይሽፍንዎ።

## ምምዝጋብ ቆልዑ

ሓደ ቆልዓ ናብ ሓደ ምምሕዳር (ገማይንደ) ናይ ካንቶን ዙሪክ ክነብር ምስ ዝመጽእ፡ ወለዱ ብቑልጡፍ ኣብ ኣካያዲ ካባብያዊ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ከመዝግብዎ ኣለዎም። እዚ ንኹሎም ብዕድሚኦም ግዴታ ናይ ትምህርቲ ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን ይምልከት።

---

[1] ኣብነት
ዕለት ልደት ቆልዓ
01.08.2019 ክሳብ 31.07.2020 ትምህርቲ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/25 ይጅምር
01.08.2020 ክሳብ 31.07.2021 ትምህርቲ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025/26 ይጅምር

እቲ ስድራ-ቤት ናብ ካንቶን ዙሪክ ክነብር ምስመጸ፡ እቶም ወለዲ ብዛዕባ ምጅማር ትምህርቲ ናይ ውላዶም ንኸዘራረቡን ንዑኡ ዝምልከት ሕቶታት ንኸጻርዩን፡ ቀልጢፎም ንኣካያዲ ካባብያዊ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ክውከስዎ ኣለዎም።

**ኣድራሻታት ናይ ኣካየድቲ ካባብያዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥**

– ኣብ ሙሉእ ካንቶን፥
  www.zh.ch/schulen
– ኣብ ከተማ ዙሪክ፥
  https://www.stadt-zuerich.ch/ssd/de/index/volksschule/schulkreise_kreisschulbehoerden.html

# ምጅማር ትምህርቲ

ኣካያዲ ካባብያዊ ቤት-ትምህርቲ (Schulpflege) ንሓደ ቆልዓ ኣብ ሓደ ቤት-ትምህርቲ ይምድቦ። ሓላፊት ቤት-ትምህርቲ ብወገኑ/ና ነቲ ቆልዓ ንዑኡ ኣብ ዝኸውን ክፍሊ ይምድቦ/ ትምድቦ። እቲ ክፍሊ ብዝተኻእለ መጠን ምስቲ ዕድመ ናይቲ ቆልዓ ዝተመጣጠነ ክኸውን ይግባእ። ሓደ ቆልዓ ቋንቋ ዶይች ምስ ዘይዛረብ ወይ ገና ምስ ዘይመልኮ፡ ብዘይካ እቲ ስሩዕ ትምህርቲ፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ዶይች ይውሃቦ (DaZ ዝብሃል ትምህርቲ ዶይች ከም ካልኣይ ቋንቋ)። እቲ መምህር ናይቲ ስሩዕ ክፍሊ፡ እቲ ቆልዓ ምስቲ ክፍሊ ክወሃሃድን ነቲ ዓይነት ትምህርታት ክሰርሖን ዝሓለፎ ትምህርቲ ከማልኦን ይሕግዞ።

ኣብ  ከተማታት፡ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት/ትምህርትታት „Aufnahmeklassen“. ዝብሃል „መጀመሪ ወይ ተቐባሊ ክፍሊ“ ኣሎ። ተመሃሮ፡ ኣብዚ ክፍሊ እዚ፡ ብልሙድ እንተበዚሑ ንሓደ ዓመት እዮም ዝምህሩ። ዶይች እንዳተመሃሩ ናብቲ ስሩዕ ክፍሊ ንኽሰግሩ ይዳለዉ።

# ንናይ ሞያ ዓለም ምድላው

ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ናይ ሞያ ኣማኻሪን (Amt für Jugend und Berufsberatung) ንሓደስትን ንቋንቅኦም ዶይች ዘይኮነን ነበርቲ ዝምልከት ፍሉይ ቀረብ ናይ ሓበሬታን ምኽርን ኣለዎ።
እቲ ቀረብ «Integras» ይብሃል።

ሞያ ንምምራጽ ዘዳልዋኻ ኣብያተ ትምህርትታት፡ ቋንቅኦም ዶይች ዘይኮነን ኣብ 15 ክሳብ 21 ዕድሚኦም ናብዚ ዓዲ ንዝመጹን መንእሰያት ዝምልከት ፍሉይ ንሞያ ምድላው፡ ቋንቋን ምውህሃድን ዘጠቓለለ ዓመታዊ ትምህርቲ („Berufsvorbereitungsjahr Sprache und Integration“) ኣለወን። ኣብዚ ናይ ዓመት ትምህርቲ፡ መንእሰያት ካብ ኩሉ ዝያዳ ቋንቋ ዶይች እዮም ዝምሃሩ። ብተወሳኺ ድማ፡ ትምህርቲ ንኽቕጽሉ ወይ ሞያ ንኽምሃሩ ዘድልዮም ፍልጠታት የጥርዩ።

ቤት ጽሕፈት ማእከላይ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ናይ መሰጋገሪ ኣገልግሎታት (Brückenangebote) የቕርብ። እዚኦም ትምህርትታት ነቲ ኣብ ሞንጎ ግዴታዊ ትምህርትን ፋልማይ ሞያዊ ትምህርትን ዝርከብ ግዜ ንምስግጋር ይጠቕሙ። እዞም ኣገልግሎታት፡ ነቶም ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (ሻብዓይ ክሳብ ታሽዓይ ክፍሊ/Sekundarschule) ምስ ወድኡ ሞያ ዘምህሮም ትካል ዘይረኸቡ ወይ ሞያ ንኽምሃሩ ገና ዘኾኑን መንእሰያት ይምልከት።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ንወለዲ

- ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ህዝባዊ ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ዙሪክ፡ እንኮላይ መዋእለ ህጻናት
  Elterninformation zur Volksschule im Kanton Zürich, inkl. Kindergarten
- ትምህርቲ ዶይች ከም ካልኣይ ቋንቋ
  Unterricht in Deutsch als Zweitsprache
- ወለንታዊ ትምህርቲ ዶይቾ ብዘይኮነ ቋንቋ (ቀዳማይ ቋንቋ)
  Freiwilliger Unterricht in einer nichtdeutschen Muttersprache (Erstsprache)
- መግለጺ ናይ ኩሉ ደረጃታት ናይ ኣገባብ ትምህርቲ ካንቶን ዙሪክ
  Übersicht über alle Stufen des Bildungssystems im Kanton Zürich
- ንወጻእተኛታት ዝጠቅም ንምውህሃድን ትምህርትን ስራሕን ዝምልከት ዝርዝር ናይ ሊንክታት
  Liste mit Links für Migrantinnen und Migranten zu Integration, Bildung und Arbeit